ማትሪክ ዘለዎ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ምስ ማትሪክ ከተጸናብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ጥልቐ ዝበለ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ተማሂርኩም ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ፣ ከኸም መዳይ ዓይነት ትምህርቲ፣ ብዘይ ፈተና ወይ ድማ ብመቐበሊ ኣገባብ ክትኣትው ትኽእሉ ኢኹም።

ማትሪክ ሙያ እንታይ እዩ?

ኣብቲ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ ክትሳተፉ ከለኹም ብተወሳኺ ሓደ መዓልቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ትምሃሩ፣ ኣብቲ ትካል ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ኣውሒድኩም ትሰርሑ ማለት እዩ። ንትምህርቲ (ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ) ተዓዊትኩም እንተፈጺምኩም፣ ነቲ ምስክር ወረቐት ማትሪክ ሙያ ትጭብጡ።
በቲ (ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) - መፈጸምታን በቲ ማትሪክ ሙያን ኣብቲ ቀጻሊ ላዕለዋይ ትምህርቲ ኽትጅምሩ ትኽእሉ :

ነቲ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲን ማትሪክ ሙያን ምስ ሓለፍኩም፣ ከኸም መዳይ ዓይነት ትምህርቲ ብዘይ ተወሳኺ ፈተና ወይ ድማ ብመቐበሊ ኣገባብ መሰረት፣ ከምቲ መሰረታዊ ትምህርትኹም ዝፈቐዶ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ናይ ሙያ ማትሪክ ኣውን ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ንኽትመሃሩ ከብቅዓኩም ይኽእል እዩ : በቲ መሳገሪ ንሓደ ዩኒቨርስቲ ንምምሃር ዘድሊ ተወሳኺ ፈተና ክትቀራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

(ንቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ) እንታይ ከተማልኩ ኣለኩም?

እስኽን ንፍዕቲ ተማሃሪት ኢኽን፣ እስኩም ንፍዕ ተማሃራይ ኢኹም፣ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ንሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ክትምሃሩ ትውስኑ። ነዚ ንምጽንባር እንተደሊኹም፣ ብዙሕ ንኽትመሃሩን ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ድማ ብዙሕ ንምስላጥ ቅሩብ ክትኮኑ ኣለኩም ከምኡውን ኣብ ሰሙን ብዙሕ ሰዓታት ዕዮ ገዛ ንምስራሕ ቁሩብ ክትኮኑ ኣለኩም። ኣብ ልዕሊኡ ድማ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብርል ትካል ክሰማማዕ ኣለዎ።

ነቲ ናይ ሙያ ልምዲ ዝሰማማዕ መዳይ ትምህርቲ ክትመርጹን ምስ እቶም ኣብ ትካልኩም ዘለው ሰብ መዚ BMS ክትሳተፉ ከም እትደልዩ ክትማየጡን ኣለኩም።

ንሙያ ማትሪክ እዘን ዝቕጽላ ምድላዋት ኣለዋ :

- ቴክኒክ፣ ቅርጺ ህንጻ፣ ናይ ህይወት ሳይንስ
- ተፈጥሮ ቅርጺ መፈትን ምግብን
- ቁጠባን ኣገልግሎትን
- ምቕራጽን ስነ ጥበብን
- ጥዕናን ማሕበራዊን

ናይ መእተዊ ኣገባብ ኣብ ኩለን ካንቶናት ማዕረ ኣይኮነን ዝካየድ። ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት እቲ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዘምጻእኩሞ ማእከላይ ነጥቢን ናይ መምሃራን መሰነዩ ደብዳበን ይኣክል እዩ። ኣብ ካልኦት ካንቶናት ናይ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ መቐበሊ ፈተና ክትሓልፉ ኣለኩም። እቲን ፈተናታት እቲ ዝለዓለ ናይ ቤት ትምህርቲ ደረጃ ዘለወን ዓውደ ትምህርታት ሒሳብን ቋንቋታትን እየን።

ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወሰዱ

ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ንንልኩም ወይ ንወድኹም ኣብ ግምት ዝኣቱ እንተኾይኑ ንምርግጋጽ ብእዋኑ – ኣብ ካልኣይ ዓመት ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ – ምስ መምሃራን ተማየጡ።

ኣብ ካንቶንኩም ናይ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ኣኼባ ሓበሬታ መምርሒ ክግበር ከሎ ብሓባር ኩንኩም ኪዱ።

ወድኹም ወይ ጓልኩም ንሓደ ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከመልከቱ ኽለዉ፣ ንቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ድልየት ከም ዘለዎም ክጥቀስ ኣለዎ። ኣብቲ ትካል ትምህርቲ ዘለዉ ሓለፍቲ ነቲ ተወሳኺ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ ክሰማምዑሉ ኣለዎም።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ (ኣድራሻ ኣብዚ ርኣዩ www.adressen.sdbb.ch) ኣብ ዝተፈላለያ ካንቶናት ናይ ዝሓለፋ ዓመታት መቐበሊ ፈተናታት ተሓቲመን ኣለዋ።